# ሕማም ሚርሳ (MRSA) ንዝሓዘም ሰባት ዝኸውን ሓበሬታ

**እዚ ሓበሬታ እዚ እተዋህበካ፡ ኣብ ማእከል ጥዕና ኣብ እተገብረልካ መርመራ እቲ ሚርሳ ዝብሃል ሕማም ስለ እተረኽበካ እዩ። ኣብዚ ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ እዚ፡ ሕማም ሚርሳ እንታይ ምዃኑ ኽምኡውን ንዓኻ ብኸመይ ከም ዝጸልወካ ዝያዳ ሓበሬታ ክትረክብ ኢኻ።**

## ሚርሳ እንታይ ዓይነት ሕማም እዩ፧

ብጫ ስታፊሎኮካይ ዝብሃል ዓይነት ባክተርያ ኣብ ብዙሓት ሰባትን እንስሳትን (እንተላይ ኣብ ከም ብዓል ከልብን ድሙን ዝኣመሰሉ ናይ ገዛ እንስሳታት) ኣብ ቈርበት፡ መብዛሕትኡ ግዜ ድማ ኣብ ኣፍንጫን ጎረሮን ዝርከብ ዓይነት ባክተርያ እዩ። ሚርሳ ኸኣ ብዙሕ ዓይነታት ኣፋውስ ኣንቲባዮቲክ ከጥፍኦ ዘይክእል ዓይነት እቲ ብጫ ስታፊሎኮካይ ዝብሃል ባክተሪያ እዩ። ሕማም ከይተሰምዓካ ወይ ናይ ሕማም ምልክት ዘይብልካ ክነስኻ፡ ኣብ ቈርበትካ፡ ኣብ ኣፍንጫኻ ወይ ኣብ ጎረሮኻ ሚርሳ ክህልወካ ይኽእል እዩ። በዚ ምኽንያት እዚ ድማ ተሰካሚ ሚርሳ ትብሃል። እቲ ባክተሪያ ብመጀመርታ ብረኽሲ ኣቢሉ ኣባኻ እንተ ተረኺቡ እውን ተሰካሚ ሕማም ሚርሳ ተባሂልካ ኢኻ እትጽዋዕ። ገለ ግዜ ብጫ ስታፊሎኮካይ ኣብ ቈርበትካ ረኽሲ ወይ ቍስሊ ከስዕበልካ ይኽእል እዩ። ካልእ ዓይነታት ረኽሲ እውን ከጋጥመካ ይኽእል እዩ።

## ተሰካሚ ሕማም ሚርሳ ምዃን ሓደገኛ ድዩ፧

ኣብ ዓለም ተሰከምቲ ሕማም ሚርሳ ዝኾኑ መብዛሕትኦም ሰባት ረኽሲ (ኢንፌክሽን) ኣየጋጥሞምን እዩ። በቲ ባክተርያ እውን ኣይሓምሙን እዮም። እንተኾነ ግን ብሰንኪ ሚርሳ ረኽሲ እንተ ኣጋጢሙካ፡ እዚ ረኽሲ እዚ ካብ ካልእ ዓይነታት ረኽሲ ስታፊሎኮካይ ብዝያዳ ንምሕካሙ ከቢድ ክኸውን ይኽእል እዩ።

## ሚርሳ ብኸመይ ይመሓላለፍ፧

ሚርሳ ኣብ ቆርበት፡ ኣፍንጫን ጎረሮን ክርከብ ይኽእል እዩ፡ ብቐጥታ ምስ ካልኦት ሰባት ብምትንኻፍ ድማ ክመሓላለፍ ይኽእል እዩ። ብዘይካዚ፡ ብናውቲ/ኣቕሑ ወይ ብዝግባእ ብዘይጸረዩ ጽፍሕታት ኣቢሉ ናብ ካልኦት ክመሓላለፍ ይኽእል። መብዛሕትኡ ግዜ ድማ ኣብ መንጎ እቶም ብቐረባ ርክብ ዘለዎም ሰባት እዩ ዝመሓላለፍ።

## ነቲ ሕማም ናብ ካልኦት ሰባት ምእንቲ ኸየመሓላልፍ እንታይ ክገብር እኽእል፧

- ኢድካ ብማይን ሳሙናን ብዝግባእ ተሓጸብ፡-
  - ቅድሚ ምግቢ ምስራሕካ ወይ ቅድሚ ምብላዕካ
  - ሽቓቕ ምስ ተጠቕምካ
  - ካብ ሰብነት ዝወጽእ ፈሳሲ ምስ ተንከፍካ፡ ንኣብነት ኣፍንጫኻ ፊጥ ምስ በልካ
  - ኣእዳውካ ምስ ዝረስሐ
  - ናብ ሆስፒታል፡ መንበሪ ኣረጋውያን ወይ ናብ ካልኦት ማእከላት ኣገልግሎት ጥዕና ቅድሚ ምኻድካን ድሕሪ ምምላስካን
- ቊስልታት፡ እተሰንጠቐ ቈርበትን ዝፈስስ ነገር ዘለዎ ቊስልታትን ብጽሬት ሓዞ፣ ብፋሻ ወይ ብፕላስተር ጌርካ ድማ ሸፍኖ።
- መላጸ ወይ ሽጎማኖ ምስ ካልኦት ብሓባር ኣይትጠቐም
- እቲ ኽዳውንትኻ ኽጸውሮ ዝኽእል እንተኾይኑ፡ ንብታንትኻን ሽጎማኖታትካን ኣንሶላታትካ ብ90 ዲግሪ ሴንቲ ግሬድ ሕጸቦ።
- ገዛኻ ኸተጽሪ ኸለኻ፡ ለዓት (መትሓዚ) ማዕጾታትን ኣርማድዮታትን ካልእ ጽፍሕታትን እውን ኣጽርዮም።

## ተሰካሚ ሕማም ሚርሳ እንተ ኾይነ፡ ናብ መዋእለ ሕጻናት፡ ቤት ትምህርቲ ወይ ስራሕ ክኸይድ እኽእልዶ፧

እቶም ተሰከምቲ ሕማም ሚርሳ ዝኾኑ ቈልዑ ናብ መዋእለ ሕጻናት ወይ ቤት ትምህርቲ ክኸዱን ከም ልማዶም ኣብ ጸወታን ናይ መዘናግዒ ንጥፈታት ክሳተፉን ይኽእሉ እዮም።

ነቶም ተሰከምቲ ሕማም ሚርሳ ዝኾኑን ኣብ ዝስዕብ ስራሕ ዝሰርሑን ዝምልከት ፍሉይ ሕግታት እውን ኣሎ፡-

- ነቶም ኣብ ሆስፒታላት ወይ መዕበዪ ኣረጋውያን ምስ ርክብ ሕሙማት ዝሰርሑ
- ነቶም ምስ ሓሰማ፡ ላም፡ በጊዕ ወይ ኣጣል ዝሰርሑ

ብዛዕባ እዚ ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብቲ ተሰካሚ ሕማም ሚርሳ ኽም ዝኾንካ ንመን ክትሕብር ከም ዘሎካ ዝገልጽ ክፋል እዚ ጽሑፍ ከተንብቦ ትኽእል ኢኻ። ካልኦት ሰራሕተኛታት ግን ዋላ እኳ ተሰከምቲ ሕማም ሚርሳ እንተ ኾኑ፡ ከም ልማዶም ናብ ስራሕ ክኸዱ ይኽእሉ እዮም።

ንኻልኦት ናይ ምምሕልላፍ ሓደጋ ንምንካይ ግን ነቲ ኣብ ላዕሊ እተገልጸ ምኽሪ ክስዕቡ ኣለዎም።

## ተሰካሚ ሕማም ሚርሳ ምኳነይ ንመን ክነግሮ ኣለኒ፧

ኣገልግሎት ሕክምና ክትረክብ ከለኻ፡ ንኣብነት ናብ ሓኪም ክትከይድ ከለኻ ወይ ኣብ ሆስፒታል ወይ መንበሪ ኣረጋውያን ክትከይድ ከለኻ ተሰካሚ ሕማም ሚርሳ ምኳንካ ሓብር። እቲ ተሰካሚ ሕማም ሚርሳ ምኳንካ ዝገልጽ ሓበሬታ ኣብ ናይ ሕሙማት ሕክምናዊ መዝገብ እውን ይመዝገብ እዩ። እዚ ድማ ሰብ ሞያ ጥዕና ነቲ ሕማም ንኸይላባዕ ንምክልኻል ከምኡውን ረኽሲ እንተ ኣስዒቡልካ ቅኑዕ ዓይነት ፈውሲ ኣንቲባዮቲክ ክህቡኻ ይሕግዞም።

ኣብዚ ዝስዕብ ቦታታት ትሰርሕ እንተኳንካ፡ ንኣስራሒኻ ወይ ንቤት ትምህርትኻ ተሰካሚ ሕማም ሚርሳ ምኳንካ ክትሕብር ይግባእ፡-

- ኣብ ሆስፒታል ወይ መንበሪ ኣረጋውያን ምስ ሕሙማት ብቐጥታ ትሰርሕ እንተኳንካ
- ከም ሓደ ኽፋል ናይ ትምህርትኻ ኣብ ሆስፒታላትን መንበሪ ኣረጋውያንን መጽናዕቲ እትገብርን ምስ ሕሙማት እትራኸብን እንተኳንካ
- ምስ ሓሰማ፡ ላም፡ በጊዕ ወይ ኣጣል ትስርሕ እንተኳንካ

**መጻምድትኻ ወይ ምሳኻ ዝነብር ሰብ** ሕክምናዊ ሓገዝ ክረክብ ናብ ኣገልግሎት ጥዕና ክኸይድ ከሎ፡ መጻምድትኻ ተሰካሚ ሚርሳ ከም ዝኾነ ወይ ተሰካሚ ሚርሳ ምስ ዝኾነ ሰብ ከም ዝነብር ክሕብር ኣለዎ። ኣብዚ ዝስዕብ ቦታታት ዝሰርሕ እንተኾይኑ ኸኣ፡ ንኣስራሒኡ ወይ ንቤት ትምህርቱ ክሕብር ይግባእ፡-

- ኣብ ሆስፒታል ወይ መንበሪ ኣረጋውያን ምስ ሕሙማት ብቐጥታ ዝሰርሕ እንተኾይኑ
- ከም ሓደ ኽፋል ናይ ትምህርቱ ኣብ ሆስፒታላትን መንበሪ ኣረጋውያንን መጽናዕቲ ዝገብርን ምስ ሕሙማት ዝራኸብን እንተኾይኑ
- ምስ ሓሰማ፡ ላም፡ በጊዕ ወይ ኣጣል ዝስርሕ እንተኾይኑ

ብዘይካዚ ግን ተሰካሚ ሕማም ሚርሳ ምኳንካ ንኣስራሒኻ፡ መዛኑኻ፡ ኣዕሩኽካ፡ ቤት ትምህርቲ ወይ መዋእለ ሕጻናት ክትነግር ኣየድልየካን እዩ።

## ኣብ ሆስፒታል ወይ መናበዪ ኣረጋውያን እንተ ኣትየ እንታይ እዩ ዝግበር፧

ተሰካሚ ሚርሳ እንተድኣ ኳንካ እሞ፡ ናብ ሆስፒታል ወይ መንበሪ ኣረጋውያን ክትኣቱ ኣድላዪ እንተኾይኑ፡ ነቲ ሕማም ናብ ካልኦት ናይ ምምሕልላፍ ሓደጋ ንምንካይ ዝሕግዝ ስጉምቲታት ምውሳድ ኣድላዪ ክኸውን ይኽእል እዩ። እቲ ዝውሰድ ዓይነት ስጉምትታት ከከም ኩነታት ይፈላለ እዩ። ንኣብነት ከምዚ ዝስዕብ ክኸውን ይኽእል እዩ፡-

- ናይ ውልቂ ሽቓቕ ዘለዎ ናይ ውልቂ ክፍሊ ምርካብ
- ሰብ ሞያ ጥዕና ከም ጓንቲ፡ ናይ ሕክምና በጃ ኽዳን፡ ናይ ኣፍን ኣፍንጫን መሸፈኒ ማስክ ዝኣመሰለ ምጥቃም
- ክፍልኻን ናውትን ብተደጋጋሚ ምጽራይ
- ኣብ ሆስፒታል ምውሻብ (ምንጻል) ኣድላዪ ክኸውን ይኽእል እዩ።

እዚ ማለት ድማ ካብቲ ናይ ሕክምና ክፍልኻ ከይትወጽእ፡ ናይ ሓባር ቦታታት ከይትጥቀም ወይ ምስ ካልኦት ሕሙማት ብቐረባ ኽይትራኸብ ክንገረካ ይኽእል እዩ። ኣብ ካልኦት ቦታታት ሕክምናዊ ሓገዝ ክትረክብ ከለኻ እውን ናይ ለብዒ መከላኸሊ ስጉምትታት ክውሰድ ከድሊ ይኽእል እዩ። ዋላ እኳ ናይ ለብዒ መከላኸሊ ስጉምትታት ክውሰድ ዘድሊ እንተኾነ እውን፡ ከም ካልኦት ሕሙማት ሕክምናዊ ሓገዝ ናይ ምርካብ መሰል ኣለካ።

## ካብ ሕማም ሚርሳ ምሉእ ብምሉእ ክሓዊ እኽእልዶ፧

ኣብ ገሊኦም ሰባት ሕማም ሚርሳ ባዕሉ ይጠፍእ እዩ፣ ኣብ ካልኦት ግን እቲ ባክተሪያ ንእተወሰነ ኣዋርሕ ክሳዕ ዓመት ኣብ ሰብነቶም ክጸንሕ ይኽእል እዩ። ኣብ ገለ ኩነታት ሕማም ሚርሳ ንምጥፋእ ሕክምና ምፍታን ግቡእ ክኸውን ይኽእል እዩ። እዚ ድማ መስርሕ ፍወሳ (ሳነሪንግ) ይብሃል። ሓኪምካ እዚ ንዓኻ ግቡእ እንተኾይኑ ክግምግምን ብዛዕባ እቲ ሕክምና ሓበሬታ ክህበካን ይኽእል እዩ። ብዛዕባ ሕማም ሚርሳ ሕቶታት እንተልዮምኻ ምስ ሓኪምካ ተራኸብ።